ን2ይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ ደደቢት ትካል ልቃሕን ዕቋርን ኣክስዩን ማሕበር ኣብ ዋና ቢሮ ከተማ መቐለ ዝርከብ ህንፃ ናይ ማይን ሽቃቅን መስመር /sanitary installation/ ፅገና ንምግባር ብግልፂ ጨረታ ኣጫሪቱ ከስርሕ ስለዝደሊ ክትጫረቱ ትደልዩ ሳንተሪ ኢንስታሌሽን ስራሕቲ ፍቃድ ዘለኩም ክትጫረቱ ንዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጉንበት 29, 2011 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሰነ 5, 2011 03:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ረቡዕ ሰነ 5, 2011 03:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ስራሕቲ ማይ/

እዚ ዝስዕብ ረቋሒ እተማልኡ ክተወዳደሩ ትኽእሉ ምኻንኩም ንገልፅ።

1 ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም ፣ ንግዲ ምዝገባ ክፍሊት ምዝገባ ሰርቲፊኬት/ቲን/ ፣ ናይ ቫት ዝተመዝገብኩም ምኻንኩም ዝገልፅ መረዳታ፣ ናይ ዝሓፈ ዲክላሬሽን ናይ ቧንቧ ሳኒተሪ ኢንስታሌሽን ምዝገባ ካርዲ ክተቅርቡ ትኽእሉ ፤

2 ተጫረቲ ካብ ዝቐረብዎ ጠቕላላ ዋጋ 2% ናይ ጨረታ ዉሕስና መኸበሪ ቢድቦንድ ሕጋዉነቱ ዝተረጋገፀ CPO ጥራሕ ከትሕዝ ዝክእል፤ ካብ 2% ዝነኣሰ ዘትሐዘ ተጫራታይ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምኻኑ::

3 ተጫረቲ ዝጫረትሉ ካብ ውዕሊ ዝኣሰርሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሞም ከረክቡ ኣለዎም:

4 ዝርዝር ናይ ሕድሕድ ዝገልፅ ዶክመንት ካብ ዕለት 27/09/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 5/10/2011ዓ/ም ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ደደቢት ማ/ፋይናንስ 4ይ (ራብዓይ) ደብሪ ቁፅሪ ቢሮ 409 ብብር 50.00 (ሓምሳ ብር) ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፤

5 ተጫረቲ ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘቀረቡ ቅጥዕታት ብትክክል መሊኦም ኣብ ሕድሕድ ገፅ እቲ ዶክመንት ፈሪሞምን ሓቲሞምን ከይተጋደለ ከቅርቡ ይግባእ። ዝተጋደለን ብትክክል ዘይተመልአን ቅደም ሰዓብ ዘተዛብዐን ናይ ጨረታ ሰነድ ካብቲ ጨረታ ወፃኢ ይግበር።

6 ተጫረቲ ናይ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ፋይናሻል፣ ሓደ ኦርጂናልን፣ ክልተ ቅዳሕን ናይ ጨረታ ውሕስና ሰነዳት ኣብ ዝ/የ ፖስታታት ተዓሺጎም ኩሎም ፖስታታት ድማ ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ሽም ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብይ ፖስታ ብዝርአ ቀለም ብምፅሓፍን ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ 4ይ ደብሪና ቢሮና ዝተዳለወ ሳንዱቅ ኣብ ናይ ስራሕ ሰሰዓት ኣታዊ ይገብሩ።

7 ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 05/10/2011 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3:00 ተዓሺጉ በቲ ዕለት ሰዓት 3:30 ቦታ ኣብ ደደቢት ትካል ዋና ቢሮ ተጫረቲ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኸዉን:: ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ እንተዘይተረኺቦም እውን እቲ ጨረታ ኣብ ሰዓቱ ይኽፈት።

8 እቲ ትካል ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብከፋል ወይድማ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መብቱ ዝተሐለወ እዩ።

9 ተወሳኪ ሓበሬታ እንተደሊኩም ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ማፋይናንስ ዝርክብ ቢሮ ቁፅሪ 11 ብምቅራብ ወይ ድማ ብስልኪ ቁፅሪ 0342-400014 ብምድዋል ምርካብ ይከኣል እዩ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle